# <u>ተጋዳላይን ህዝብን ኢድን ጓንትን</u>

**ኣብ ግዜ ሰውራ ኣብ ወጻኢ ዝነበረ ሓፋሽ ገድሉ ንምዕንጋል ዝገብሮ ዝነበረ ተሳትፎ እተርኢ ናይ ሽዑ ቴማ ነዚ ሕጂ ዘሎ ዎለዶ መወከሲ ክኸውን።**



## ፍሉይ ጻዊዒት ንኩሉ ኣብ ወጻኢ ዝርከብ ሃገራዊ ኤርትራዊ

### ንሕና ክንሃንጽ




















### ጸላኢ ክድምስስ





### ክንራባረብ ኢና









**ክሳብ ዓድና ንመልስ!!!**

# ወርሓዊ ደሞዝ ምውፋይ

**ንምንታይ፡** - ህዝብና ከም ካልኦት ኣህዛብ ምእንቲ ክቡር መሰል ርእሰ ውሳኔኡ እዩ ዝቃለስ፣ ከምኡ ስለዝኾነ ከኣ እቲ ዝነውሐ ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ዓለም ከሳስል ይርከብ።

- ኣብዚ ሕጂ በጺሕናዮ ዘሎና ታሪኻዊ ነጥበ መቀይር ሰውራና ዝዓበየ ዓወት ኣብ ልዕሊ መግዛእታዊ ስርዓት ኣመዝጊቡ ንጸላኢ ኣብ ሰንደልደል እእትዩዎ ይርከብ።

- ንሱ ጥራይ ዘይኮነ ብደረጃ ነጻ ሃገራት ሰልሳይ ዓለም ትራእዩ ዘቅንእ ናይ መንግስቲ ትርጺ ተኺሉ ንህዝቢ ኣብ መነባብሮኡን ኣተሓሳስብኡን ምዕቡል ዝኾነ ለውጢ ከምጽእ ይርከብ።

- ካብ ካልኦት ሰውራታት ዓለም ዝፈልዮ ኣብ ህዝቡ ተኣማሚኑ ዝኸይድ ሰውራ ስለዝኾነ፣

- ጸላኢ እቲ ዝዓበየ ሰራዊት ኣብ ኣፍሪቃ ሒዙ ለይቲን መዓልትን ድቃስ ሲኢኑ ንህዝብናን ሰውርኡን ከጥፍኦም እከይ ውጥናት ይሕንጽጽን ይትግብርን ስለዘሎ፣

- በጠቓላሊ ነዚ ኩሉ ሰጊርና ፍጡብጣትን ናይ ነዊሕ ዕላማ ዝወቅዑ ዓወታት ኣመዝጊብና ስለዘለና ንዕኡ ናይ ምዕቃብ ከኣ ተራን ግቡእን ናይ ኩሉ ሃገራዊ ስለዝኾነ፣

- ስለዚ እዋናውን ህጹጽን ሓገዝና ኣብ ምቅልጣፍ ዓወትን ምሕጻር ዕምሪ መግዛእትን ተራ ከምዘለዎ ብምስትውዓል ንኽተት።

**ከመይ፡** ነቲ ካብ ፖለቲካዊ ቤት/ጽ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ዝወጸ "ፍሉይ ጸውዒት ንኹሉ ኣብ ውጻኢ ዝርከብ ሃገራዊ ኤርትራዊ" ኣብ ግብሪ ንምትርጓም ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራውያን ዝርከቡሉ ከተማታት ናይ "ክተት ሽማግለታት" ቄይሙን ኣለዋ።

- እቲ ዝግበር ውጽኢት ኣድማዒ ንክኸውን፣ እቲ ናይ ምጉስዓስን ምልዕዓልን ስራሕ ኣብ'ተን ናይ "ክተት ሽማግለታት" ክይተሓጽረ፣ እቲ ጸውዒት ናብ ኩሉ ኤርትራዊ ከም ዝበጽሕ ንምግባር- ነዕሩ'ኽትናን ጉረባብትናን ካልኦት ንፈልጦም ኤርትራውያንን ብተገዳስነት ክንሕብርም ይግባእ።

| | |
|---|---|
| ዝለኣኽ ገንዘብ በዚ ዝስዕብ | ብቐጥታ ንዝሰዱ ኸኣ |
| ናይ "ክተት ሽማግለ" ከተማ____________ | ሓበሬታ ካብ ቤት/ጽ |
| ብስም፡____________ | ሓፋሽ ማሕበራት ህ.ግ.ሓ.ኤ. |
| ኣድራሻ፡____________ | ፍ/ፈርት |
| ____________ | ስ.ቍ.-(069)737940 |
| ተወሳኺ ሓበሬታ፡____________ | ክርከብ ይከኣል። |

ሉሚ ዘይከተተ

ብደው. ከምዝሞተ!!!